ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ዘበአሥመራ
አሥመራ - ኤርትራ

ቁ. ሳ. ጰ. 244
ቴሌ. 00291-1-12 02 06
ፋክስ 00291-1-12 65 19

# *"ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ ተሓጺባ በደመ ክርስቶስ"*

በዓለ ትንሣኤ 2011

ክቡር ኣብ ዓድን ኣብ በረኻን ኣብ ወጻእን እትርከብ ሕዝበ እግዚኣብሔር:

እንሆ እምበኣር ሎምዘመን እውን ብጸጋ ኣምላኽ ጕዕዞ ጾመርብዓ ፈጺምና፦ ናብ ስሙን ሕማማትን በዓለ ትንሣኤን መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ በጺሕና። ናብዚ ዘብጽሓና ልዑል እግዚኣብሔር ክኣ፣ ስሙ ይባረኽ ወትሩውን ይመስገን። እዚ በዓላት እዚ ዓንዲማእከል ክርስትያናዊ እምነትናን መንፈሳዊ ሕይወትናን እዩ። ኣብ ዘመነ ጾም እኖና ቅድስቲ ቤተክርስትያን *"ንጹም ጾመ ወናፍቅር ቢጸ"*፦ ጾም ንጹም ንብጻይና ክኣ ነፍቅር፦ እናበለት ነርብዓ መዓልቲ፡ ብንስሓን ተጋድሎን ናብ ልብና ተመሊስና ምስ ርእስናን፡ እግዚኣብሔርን ብጻይናን ክንዕረቕን፣ ኣብ ሕይወትና ቅኑዕን ሃናጽን ርክብ ምእንቲ ክንማዕብል ድማ ብትግሃት ጾምን ጸሎትን ምጽዋትን ክነዘውትር፦ ብእምነትን ብስኒትን ፍቕርን ኃቢርና ክንጐዓዝ እውን ደጋጊማ ብስም ጐይታ ከተዘኻኽረናን ክትምህረናን ጸኒሓ እያ።

ምሥጢረ ጥምቀት ክንቅበል ከሎና ከምቲ ቅዱስ ጳውሎስ ዝብሎ: ብደም ክርስቶስ ተሓጺብና ካብ ናይ ኣዳም ኃጢኣት ነጺሕና፦ ደቂ እግዚኣብሔርን ኣኃዋት ክርስቶስን ኣባላት እታ ሓዳስ ስድራቤት እግዚኣብሔር ዝኾነት ቤተክርስትያንን ኮይንና ኢና። ብሓጺሩ ንኃጢኣት ሞይትና ምስ ክርስቶስ ተንሢእና ኢና። ጥምቀት ማለት ንርእሱ መንፈሳዊ ሕጽበት ወይ ዳግማይ ልደት ማለት እዩ። ኣብ መዓልቲ ጥምቀትናን ወለድናን ኣቦን እኖን ክርስትናናን ምስቲ ብስም ኣብን ወልደን መንፈስ ቅዱስን ዘጠመቐና ካህን ኮይኖም፡ ብስምና ንሰይጣንን ንኹሉ ክፍኣትን ክሒዶም፦ ኣብ ምሥጢረ ሥላሴ፡ ምሥጢረ ሥጋዌ፡ ምሥጢረ ትንሣኤ፡ ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባን፡ ብክርስቶስ ዝርከብ ዘለዓለዊ ሕይወትን፡ እምነቶም ብወግዒ ገሊጾም እዮም። ልቢ ምስ ገበርና ክኣ ነቲ ብእምነት ወለድናን ቤተክርስትያንን ዝተቐበልናዮ መንፈሳዊ ሕይወት ብምሉእ ፍልጠትን ድልየትን ናትና ክንገብሮ ይግብኣና። ለይቲ ፋሲካ: ሊቃውንቲ ሃገርና:*"ወምድርኒ ትገብር ፋሲካ ተሓጺባ በደመ ክርስቶስ"* ፦ ሃሌ ሉያ ሰማይ ይሕጉስ ምድሪ ድማ ባህ ይብላ: ከመይ ሎሚ: ኣብ ሰማያት ዓብይ ታሕጓስ ኢዩሞ ኵሎም ፍጡራን መለኸት ይውቅዑ፡ እምባታትን ጐቦታትን ኵሉ ዓይነት ኣእዋም በረኻን ክኣ ይጨድሩ፣ ምድሪ'ውን ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ በዓል ፋሲካ ትገብር/ተብዕል እናበሉ ዓብይ ምሥጢር ዝሓዘለ መዝሙር ይዝምሩ። እዚ ማለት ክኣ በቲ ንድኅነትና ዝፈሰሰ ደም ክርስቶስ ካብ ኵሉ ርስሓት ኃጢኣት ነጺሕና በዓለ ትንሣኤ ክነኽብር ከምዘሎና የዘኻኽረና። ድሕሪ ጥምቀት እንፍጽሞ ኃጢኣት ኵሉ ተሓጺብካ ኣብ ጭቃ ምውዳቕ ማለት እዩ። እግዚኣብሔር ግን ኣብ ኃጢኣትናን ክፍኣትናን ጥሒልና ክንተርፍ ኣይደልን እዩ። ስለዚ፡ ዓመት ዓመት፡ በቲ ካብ ጎድኒ ክርስቶስ ዝፈሰሰ ደም ተሓጺብና ክንድኅን ከምዝደልየና ፈሊጥናን ኣሚንናን ነዚ ሎምዘመን እነብዕሎ ዘሎና ሰሙነ ሕማማትን በዓለ ትንሣኤን እውን ብምሉእ ልብና ንጠቐመሉ። ልቢ ከይነጽሐ፡ ሕይወት ከይተስተኻኸለ እውነተይና ፋሲካ ወይ ፍስሓ ክርከብ ኣይክኣልን እዩ።

ክርስቶስ ተሳቕዩ ተሰቒሉ በጃና ሞይቱ፡ ተቐቢሩ፡ ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ክኣ ንሞት ኣሸኒፉ ተንሢኡ እዩ እሞ ብሕማማቱን ብትንሣኤኡን ሓዲሽ ሕይወት ረኺብና ኢና። ስለዚ ነፍሲ ወከፍና

ነዚ ብፍቕርና ተደሪኹ ዝተሳቐየ፡ ደሙ ዘፍሰሰ፡ ዝሞተ፡ ካብ ሙታን እውን ዝተንሥአ ክርስቶስ ክንመስል ኣሰሩ ክንክተል ከምዝተጸዋዕና ወትሩ ክንዝክር ይግባእና። እውነተይና ሕይወት ክርስትና ከኣ እዚ ማለት እዩ። ኣብቲ ናብ ሰብ ፊሊጲስዩስ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፡ ቅዱስ ጳውሎስ ሓዋርያ እውን *"ንክርስቶስን፡ ንሥልጣን ትንሣኤኡን፡ ክፈልጥ፡ ኣብ ስቓዩ ክካፈል፡ ብሞቱ ክመስሎ እሞ ኣብ ትንሣኤ ሙታን ገለ ምስታፍ እንተተኻእለኒ ኢለ እየ* (ፊል 3:10-11) ይብለና። ፋሲካ ማለት ብሓጺሩ፡ ካብ ሞት ናብ ሕይወት፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ ሓሶት ናብ ሓቂ፡ ካብ ባርነት ናብ እውነተይና ሓርነት፡ ካብ ሓዘን ናብ ሓጎስ፡ ምስ ክርስቶስ ኃቢርካ ምስጋር ማለት እዩ። ቀጺሉ'ውን ቅዱስ ጳውሎስ ኣብቲ ናብ ሰብ ቆላስይስ ዝጸሓፎ መልእኽቱ *"ደጊም ምስ ክርስቶስ ካብ ሞት ተንሢእኩም ኢኹም እሞ ቀልብኹም ኣብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ነገራት፣ ኣብቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጡዎ ዘሎ ግበሩ። ኣእምሮኹም ናብቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዘይኮነስ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ የቕልብ"* (ቆላ 3:1-2) እናበለ ሃምናን ቀልብናን ኣብ መንን ኣብ ምንታይን ክኸውን ከምዘለዎ ኣነጺሩ ይምዕደና። ብዙሕ ግዜ መዝገብና ኣብ ናይ ሥጋን ናይ ዓለምን ነገራት ስለዝርከብ ናብ ናይ ሰማይን ናይ እግዚኣብሔርን ጉዳይ ክነተኩር የጸግመና እዩ። እናተረድኣና እውን "*የርክበሉ*" ብምባል ነቲ ክንገብሮ ዝግብኣና ለውጢ ሕይወትን ተግባርን፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ነመሓላልፎ። ቤተክርስትያን ግን *"ኣታ ደቂስካ ዘሎኻ ተበራበር፡ ካብ ምውታት ተንሥእ፣ ክርስቶስ ከኣ ከብርሃልካ እዩ"* (ኤፌ 5:14) ዝብል ጸዋዒትን ዕድመን ወትሩ ተስምዓና ኣላ። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ምስ ማርታ ኃውቲ ኣልኣዛር ዓርኩ ዝገበሮ ተዋስኦ እውን ኣጸቢቕና ነስተውዕሎ።*"ትንሣኤን ሕይወትን ኣነ እየ፣ እቲ ብኣይ ዝኣምንሲ እንተሞተ'ኳ ብሕይወት ኪነብር እዩ። እቲ ብኣይ ዚኣምን ሕያው ዘበለ ኩሉ ንዘለዓለም ኣይኪመውትን እዩ፦ እዚዶ ትኣምኒ ኢኺ? በላ። ንሳ ድማ 'እወ ጐይታይ፡ ንስኻ እቲ ናብ ዓለም ዚመጽእ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾንካ ኣኣምን እየ' በለቶ"* (ዮሓ 11: 25 -.27)። ፋሲካ ማለት እምበኣር ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ምስ እዚ ምንጪ ሕይወትን ሓቀይና ሰላምን ዝኾነ መድኃኔ ዓለም ምርኻብ፡ ካብኡ ሕይወትን ኃይልን ምቕባል ማለት እዩ።

ፍቁራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፡ ናይ በዓለ ትንሣኤ ጽቡቕ ትምኒተይ ክገልጸልኩም ከሎኹ፡ ነቲ ኣብዞም ዝሓለፉ ሳምንታት ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ዝተረኽበ እሞ፦ ሕይወት ብዙኃት ደቅና ዝቐዘፈ ከቢድ ሓደጋ ከይጠቐስኩ ክሓልፍ ኣይደልን። ብዙኃት መንእሰያት፡ ኣንስትን ቆልዑትን እውን ዝርከቡዎም፣ ካብ ሊብያ ንኤውሮጳ ብመርከብ ክሳገሩ ክብሉ ጥሒሎም ከምዝሞቱ መላእ ሕዝቢ ዝርእዮን ዝበኸየሉን ዘሎ ጉዳይ እዩ። ስለዚ ኣብ ዘሎና ኣሊና፡ ነቶም ኣብ ሰዊት ዕድሚኦም ዝተቐጽዩ ደቅናን ኣኃዋትናን ኣኃትናን፡ እግዚኣብሔር ብምሕረቱ ኣብ ዘለዓለማዊ ዕረፍቱ ክቕበሎም ብጸሎትና ክንዝክሮም፣ ንወለዶምን ቤተሰቦምን ከኣ ባዕሉ ጽንዓትን ኣኸእሎን ክህቦም ንለምን። እታ መጸናኒዒት ኀዙናን እኖና ኪዳነ ምሕረት ኣይትፈለዮም። መንእሰያት ሀብቲ ስድራኦም፡ ሀብቲ ሃገር፡ ሀብቲ ቤተክርስትያን እውን እዮም። ከምዚ ኢሎም ክጠፍኡ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ እሞ፣ ድሕሪ ደጊም እዚ መዓትዚ ከይድገም ኵልና ኃላፍነትና ለቢስና ዘዝግብኣና ክንገብር ብኀሊና ትሑዛት ምዃና ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ንኵልና ዝተባረኸን ዝተቐደሰን በዓለ ትንሣኤ ይግበረልና። እቲ ካብ እሙታን ዝተንሣኤ ክርስቶስ ንዝሞቱ ይምሓረልና፡ ንዘለዉ ከኣ ይሓልወልና።

ምስ ብዙኅ ሰላምታን ቡራኬን

+[signature]

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ

Catholic Bishop's House - Asmara - Eritrea